ኮማዊ ጉዕዞ፡ ኣብ ኪንግ ካውንቲ ንምዝውዋር ዝሕግዙ ሓጺርቲ ምኽርታት

እዚ ሓባሪ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ ኪንግ ካውንቲ (King County) ንምዝውዋር ክሕግዙ ተባሂሎም ናይ ዝተዳለዉ ተኸታተልቲ ሰለስተ ቪድዮታት ብጽሑፍ ዝተዳለወ ሕታም እዩ። ነቲ ቪድዮታት፡ ኣብ www.youtube.com/user/kcmobilitycoalition. ርኣይዎ። እዚ ቪድዮታትን ሓባሪ ጽሑፋትን፡ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ተዳልዩ ብናጻ ይርከብ። ርብሕሉ!

ኣውቶቡስ ምጥቃም

ኣብቲ ኣውቶቡስ ደው መበሊ እንተወሓደ ሓሙሽተ ደቂቕ ኣቕዲምኩም ተረኽቡ። ኣውቶቡስ ምስ መጸት ኣብቲ ቅድሚትን ጎኒን ዘሎ ምልክታት ናይ እትኸደሉ ቦታ ተመልከቱ። ልክዕ ምህላውኩም ንኽተረጋግጹ፡ ናይታ ኣውቶቡስ ቀጽሪ ምስቲ እትኸድሉ ቦታ ቁጽሪ ኣነጻጽርዎ።

ቋንቋ እንግሊዝ ዘይትፈልጡ እንተ ኾይንኩም፡ ስድራቤትኩም፡ እትኸዱላን እትምለሱላን ቁጽሪ ኣውቶቡስ ክጽሕፍልኩም ሕተትዎም። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣውቶቡስ ምስ ተሰቐልኩም ንኣውቲስታ ኣርእይዎ።

ኣውቶቡስኩም ክትመጽእ ምስ ረኣኹማ፡ ኣብታ ኣውቶቡስ ክትስቀሉ ከም ዝደለኹም ንምሕባር፡ ኢድኩም ሓፍ ኣቢልኩም ንኣውቲስታት ሓብሩ። ኣውቶቡስ ቅድሚ ምስቃልኩም፡ እቲ ዝኽፈል ዋጋ ቀርብዎ።

ኣብ ቅድሚት ዘሎ ስፍራታት ንኣረጋውያንን ስንኩላትን ዝተሓዘ ኢዩ። ንኣውቲስታ ክትሪኢሉን ክትሰምዕሉን እትኽእሉ ቦታ መሪጽኩም ኮፍ በሉ።

ተሳፈርቲ ኣውቶቡስ ኣብ ቦታኦም ኮፍ ክብሉ ክኽእሉ ምእንቲ መተሓላልፊ ቦታ ኣይትዕገትዎ፡ ቦርሳኹም ኣብ ሕቑፈኹም ወይ ኣብ ቲሕቲ ኮፍ መበሊኹም ኣንብርዎ።

ንዓረብያ ስንኩላን፣ ስኩተር፣ መሳለዲ ወይ በትሪ ንዝጥቀሙን ኣስካላ ንኽጥቀሙ ዝሽገሩ ሰባት ተባሂሉ፡ ኩለን ሜትሮን ሳውንድ ትራንሲት ኣውቶቡሳትን ሓፍ መበሊ ወይ ጸፊሕ መደየቢ ኣለወን። ካብ ኣውቶቡስ ክትወርዱን ክትድይቡን፡ ሓፍ መበሊ ወይ ጸፊሕ መደየቢ ክትጥቀሙ እትኽእሉሉ ቦታ ኣብ ናይመደያይቦ ምልክት ዘለዎ ደው መበሊ ኣውቶቡስ ጥራይ ኢዩ። ሓፍ መበሊ ወይ ጸፊሕ መደየቢ ንኽትጥቀሙ፡ ንኣውቲስታ ናይ ዓይኒ ምልክት ብምግባር ኣየናይ ከም እትደልዩ ሓብርዎ። ኣብ ዓረብያ ስንኩላን እንተ ኣለኹም ኣብቲ ሓፍ መበሊ ወይ ኣብቲ ጸፊሕ መደየቢ ኮይንኩም ኣብቲ ቕድሚት ኣውቶቡስ ዘሎ ዓረብያ ስንኩላን መቕመጢ ሕለፉ። ኣውቲስታ ነታ ዓረብያ ብስርዓት ክኣስረልኩም ኢዩ።

ጥቓ እቲ ትወርድሉ ምስ በጻሕኩም፣ ንኣውቲስታ ክትወርዱ ከም ዝደለኹም ንምሕባር፣ ቅድሚ ሓንቲ ፌርማታ፣ ኣብቲ ልዕሊ መስኮት ዘሎ ናይ ምልክት ገመድ ስሓብዎ። ገለ ኣወቶቡሳት ኣብ ክንዲ ገመድ ብጫ ዝልጠፍ ይጥቀማ ኢየን።ክትወርዱ እንተ ደሊኹም ከይትወድቁ ምእንቲ፣ ክሳብ ኣውቶቡስ ደው እትብል ካብ ቦታኹም ኣይትተስኡ።

ዓረብያ ስንኩላን ትጥቀሙ እንተ ኾይንኩም፣ ኣብቲ ከባቢ ናይ ዓረብያ ስንኩላን ትሕቲ ተዓጻፋይ ሰድያ ዘሎ ብጫ ሽራጥ ጠወቕ። ኣውቶቡስ ደው ምስ በለት፣ ኣውቲስታ መጺኡ ካብቲ ዓረቢያኹም ተኣሲርሉ ዘሎ ቦታ ክሳብ ዝውጽኣኩም ተጸበዩ።

King County METRO

SOUNDTRANSIT

ኪንግ ካውንቲ ሜትሮን ሳውንድ ራንሲትን፣ ንኣረጋውያንን ስንክልና ዘለዎም ሰባትን ከመይ ገይሮም ኣውቶቡስ ከምዝስቀሉ ናይ ነጻ ስልጠና ይህቡ።

206-749-4242

hopelink
Helping People. Changing Lives.

ሆፕሊንክ ንጉጅለ ሰባት ኣውቶቡስ ከመይ ገይሮም ከምዝጥቀሙ ስልጠና የቕርብ። ፕሮግራሞም ከኣ ራይድ ኣራውንድ ዘ ሳውንድ ይበሃል፣ እዚ ኸኣ፣ ንትሑት-ኣታዊ ዘለዎም ግለ-ሰባት፣ ዉሱን ክእለት ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ዘለዎምን ንሓርበኛታትን ኢዩ።

425-943-6760

ተዳልዩ ዘሎ ኣመራጺ ቅድታትን ቋንቋታትን

እዚ ጽሑፍ'ዚ፣ ኣብ ዝተሓተተሉ እዋን፣ ክኽፈት ብዚከኣል ዓይነት ቅድታትን ካልእ ቋንቋታትን ይርከብ'ዩ፦

- እንግሊዝኛ
- ኣምሓርኛ
- በርማኛ
- ነፓሊኛ
- ሩሳይኛ
- ሶማልኛ
- ስጳንኛ
- ትግርኛ

ብኽብረትኩም ናብ 425-943-6737 (ብድምጺ) ወይ 711 (ቲ.ቲ.ዋይ) ደውሉ። ኣገልግሎት ምስትርጓም ብተሌፎን

ዝያዳ ሓበሬታ

ሕቶታት እንተደኣ ኣለዉኹም ኣብዞም ቁጽሪታት ደውሉልና።

Sound Transit
1-800-201-4900

Metro
206-553-3000

የቕንየልና!

ኣብ ኣውቶቡስን ካልእ ዞባዊ መጓዓዝያ ኣብ እትጥቀሙሉን ቀረባ ግዜ ንኽንረኽበኩም ተስፋ ንገብር።

King County
Mobility Coalition
425-943-6737

King County MOBILITY COALITION

ሓጸርቲ ምኽርታት ኮማዊ ጉዕዞ (Community Travel Tips) ኣብ ኪንግ ካውንቲ (King County) ንዘሎ ህዝባዊ መጓዓዝያ ብኽመይ ከምእትጥቀመሉ ንዘለኩም ኣፍልጦ ንምዕባይ ዚተዳለወ ናይ ኪንግ ካውንቲ ሞቢሊቲ ኮኣሊሽን (King County Mobility Coalition) ፕሮጀክት እዩ። እዚ ፕሮጀክት'ዚ፣ ካብ Bhutanese Community Resource Center, City of Kent, Coalition for Refugees from Burma, Hopelink, Jewish Family Service, King County Housing Authority, King County Metro, National Center for Senior Transportation, Salaam Urban Village Association, SeaMar Community Health Centers, Senior Services, Somali Community Services of Seattle, Sound Transit, UW Medicine-Harborview Medical Center, and Washington State Refugee Elder Grant ብዝተገብረ ደገፍ ክዉን ኮይኑ።

ኮማዊ ጉዕዞ፡ ኣብ ኪንግ ካውንቲ ንምዝውዋር ዝሕግዙ ሓጺርቲ ምኽርታት

እዚ ሓባሪ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ ኪንግ ካውንቲ (King County) ንምዝውዋር ክሕግዙ ተባሂሎም ናይ ዝተዳለዉ ተኸታተልቲ ሰለስተ ቪድዮታት ብጽሑፍ ዝተዳለወ ሕታም እዩ። ነቲ ቪድዮታት፡ ኣብ www.youtube.com/user/kcmobilitycoalition. ርኣይዎ። እዚ ቪድዮታትን ሓባሪ ጽሑፋትን፡ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ተዳልዩ ብናጻ ይርከብ። ርብሕሉ!

ኣውቶቡስ ወይ ላይት ረይል ባቡር ንምጥቃም ምኽፋል

ሜትሮ ኣውቶቡሳት፣ ሳውንድ ትራንሲት ኣውቶቡሳትን ሳውንድ ትራንሲት ላይት ረይል ባቡራትን ክትጥቀሙ ብጥረ-ገንዘብ ክትከፍሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣውቶቡስ ክትጥቀሙ ብጥረ-ገንዘብ ክትከፍሉ እንተ ደሊኹም፡ ገንዘብ ኣብቲ ጥቓ ኣውቲስታ ዝርከብ ናይ ክፍሊት ሳንዱቕ ኣእትውዎ። ኣውቲስታታት ማልስ ስለ ዘይሕዙ፡ እታ ልክዕ ትኽፈል ገንዘብ ክትሕዙ ኣለኩም።

ላይት ረይል ባቡር ንኽትጥቀሙ ብጥረ ገንዘብ ክትከፍሉ እንተ ደሊኹም፡ ኣብ ባቡር ቲኬት ክትገዝኡ ስለ ዘይትኽእሉ፡ ኣቐዲምኩም ካብቲ ኣብ እንዳ ባቡር ዘሎ መሽጢ ቲኬት መኪና ክትገዝኡ ኣለኩም።

ኣብ ዘድልየኩም ቦታ ንምብጻሕ ካብ ሓንቲ ሜትሮ ኣውቶቡስ ንላዕሊ ተድልየኩም እንተኾይና፡ ኣብታ ካልኣይቲ ኣውቶቡስ ብናይ መሰጋገሪ ቲኬት ክትከፍሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብታ ቀዳመይቲ ኣውቶቡስ ክትከፍሉ ከለኹም መሰጋገሪ ሕተቱ። ቋንቋ እንግሊዝ ዘይትፈልጡ እንተ ኾይንኩም፡ ንቤተ-ሰብኩም፡ ኣብ ቁራጽ ወረቐት "Transfer Please" ዝብል ክጽሕፍልኩም ሕተቱ እሞ ኣብ እትኸፍሉሉ ጊዜ ንኣትውቲስታ ኣርእይዎ። ኣብታ እትቐጽል ኣውቶቡስ ከኣ፡ እቲ መሰጋገሪ ንኣውቲስታ ተርእይዎ።

መሰጋገሪ ኣብ ናይ ሜትሮ ኣውቶቡሳት ጥራሕ ኢዩ ዝሰርሕ። ኣብ መንጎ ሜትሮ ኣውቶቡስን ሳውንድ ትራንሲት ኣውቶቡስን መሰጋገሪ ቲኬት ክትጥቀምሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ብኣውቶቡስን ላይት ረይል ባቡርን ንምጓዓዝ እቲ ዝቕለለ ORCA ካርድ ገዚኢካ ክትጥቀም እንከለኻ ኢዩ። ORCA ካርድ ኣብ 201 S. Jackson St. ስያትል ዝርከብ ናይ ሜትሮ ዓማዊል ኣገልግሎት ቤት-ጽሕፈት ወይ ኣብ ናይ ላይት ረይል ነቑጣታት ዝረክቡ መሽጢ ቲኬት መካይን ክትገዙ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ እውን ብመርበብ ሓበሬታ ኣብ www.orcacard.com ወይ ብፖስታ ኣብ 1-888-988-6722 ብምድዋል ክትገዙ ትኽእሉ።

ORCA ካርድ ገንዘብ እንተዘይወሲኽኩምሉ ወይ ናይ ወርሓዊ መሕለፊ እንተዘይኣእቲኹምሉ ኣይሰርሕን ኢዩ። ብኽብረትኩም ኣብቲ ናይ ORCA ካርድኹም ብመስመር መርበብ ሓበሬታ፣ ብፖስታ፣ ኣብ ኣውቶቡስ ወይ ኣብ ናይ ላይት ረይል ነቑጣ ዘሎ መሽጢ ቲኬት መካይን፣ ወይ ኣብ ብዙሓት ኪውኤፍሲ፣ ሰይፍወይን ሳርስ ማርከትፕለይስን ብዝኣመሰለ መንገዲታት ገንዘብ ወስኽሉ።

ORCA ካርድ ተጠቂምኩም ንኣውቶቡስ ክትከፍሉ እንተ ደሊኹም፡ ኣብ ኣውቶቡስ ምስ ኣተኹም ነቲ ORCA ካርድ ኣብቲ ኣውቶቡስ ውሽጢ ዘሎ መንበቢ ሓንሳብ ውቕዕዎ። ብORCA ካርድ እንተ ኸፈልኩም፡ ንኣውቲስታ መሰጋገሪ ምሕታት ኣየድልየኩምን ኢዩ።

ORCA ካርድ ተጠቂምኩም ንላይት ረይል ባቡር ክትከፍሉ እንተ ደሊኹም፡ ቅድሚ ባቡር ምስቃልኩም ነቲ ORCA ካርድ ኣብቲ ናይ ባቡር ደው መበሊ ዝርከብ ቢጫ መንበቢ ካርድ ውቕዕዎ። ክትወርዱ እንከለኹም ካርድኹም ኣብቲ መንበቢ ክትወቕዕዎ ከምዘለኩም ክትዝክሩ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ኢዩ።

ዕድሜኹም 65 ወይ ካብኡ ንላዕሊ እንተኾይኑ፡ እቲ ዝበለጸ ORCA ብዝጎደለዋጋ መግዝኢ ፍቓድ ምርካብ ኢዩ። ነዚ፡ ኣብ ናይ ሜትሮ ዓማዊል ኣገልግሎት ቤት-ጽሕፈት ብምኻድ ወይ ብዳብዳቤ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ብ ORCA ዝጎደለ መግዝኢ ዋጋ ፍቓድ፡ ኣውቶቡሳትን ላይት ረይል ባቡርን ብ .75 ሳንቲም ጥራይ ክትጥቀሙለን ትኽእሉ። ዕድሜኹም ካብ 65 ዓመት ንታሕቲ ኮይኑ እሞ ስንክልና እንተ ኣለኩም፡ ንናይ ORCA ብዝጎደለ መግዝኢ ዋጋ ፍቓድ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ጥዕና ክንክን በዓል ሞያ ምልክታኹም ምስ ወድኣልኩም፡ ስእሊ ዘለዎ መንነት ወረቐትኩም ሒዝኩም ኣብ ናይ ሜትሮ ዓማዊል ኣገልግሎት ቤት-ጽሕፈት ክትከዱ የድሊ።

ተዳልዩ ዘሎ ኣመራጺ ቅድታትን ቋንቋታትን

እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ ዝተሓተተሉ እዋን፡ ክኽፈት ብዚከኣል ዓይነት ቅድታትን ካልእ ቋንቋታትን ይርከብ'ዩ፥

- እንግሊዝኛ
- ኣምሓርኛ
- በርማኛ
- ነፓሊኛ
- ሩሳይኛ
- ሶማልኛ
- ስጳንኛ
- ትግርኛ

ብኽብረትኩም ናብ 425-943-6737 (ብድምጺ) ወይ 711 (ቲ.ቲ.ዋይ) ደውሉ። ኣገልግሎት ምስትርጓም ብተሌፎን

ዝያዳ ሓበሬታ

ሕቶታት እንተደኣ ኣለዉኹም ኣብዞም ቁጽሪታት ደውሉልና።

Sound Transit
1-800-201-4900

Metro
206-553-3000

የቐንየልና!

ኣብ ኣውቶቡስን ካልእ ዞባዊ መጓዓዝያ ኣብ እትጥቀሙሉን ቀረባ ግዜ ንኽንረኽበኩም ተስፋ ንገብር።

King County
Mobility Coalition
425-943-6737

King County MOBILITY COALITION

ሓጸርቲ ምኽርታት ኮማዊ ጉዕዞ (Community Travel Tips) ኣብ ኪንግ ካውንቲ (King County) ንዘሎ ህዝባዊ መጓዓዝያ ብኽመይ ከምእትጥቀሙሉ ንዘለኩም ኣፍልጦ ንምዕባይ ዚተዳለወ ናይ ኪንግ ካውንቲ ሞቢሊቲ ኮኣሊሽን (King County Mobility Coalition) ፕሮጀክት እዩ። እዚ ፕሮጀክት'ዚ፡ ካብ Bhutanese Community Resource Center, City of Kent, Coalition for Refugees from Burma, Hopelink, Jewish Family Service, King County Housing Authority, King County Metro, National Center for Senior Transportation, Salaam Urban Village Association, SeaMar Community Health Centers, Senior Services, Somali Community Services of Seattle, Sound Transit, UW Medicine-Harborview Medical Center, and Washington State Refugee Elder Grant ብዝተገብረ ደገፍ ክዉን ኮይኑ።

ኮማዊ ጉዕዞ፡ ኣብ ኪንግ ካውንቲ ንምዝውዋር ዝሕግዙ ሓጺርቲ ምኽርታት

እዚ ሓባሪ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ ኪንግ ካውንቲ (King County) ንምዝውዋር ክሕግዙ ተባሂሎም ናይ ዝተዳለዉ ተኸታተልቲ ሰለስተ ቪድዮታት ብጽሑፍ ዝተዳለወ ሕታም እዩ። ነቲ ቪድዮታት፡ ኣብ www.youtube.com/user/kcmobilitycoalition. ርኣይዎ። እዚ ቪድዮታትን ሓባሪ ጽሑፋትን፡ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ተዳልዩ ብናጻ ይርከብ። ርብሕሉ!

ካልእ መጓዓዓዚ መንገዲታት

ኣገልግሎታት ኣረጋውያን ሃይድ ሻትል፡ ኣረጋውያን 55 ወይ ልዕሊኡ ዝዕድሚኦምን ኣብ ዝኾነ ዕድመ ዝርከቡ ስንክልና ዘለዎም ሰባትን ነጻ ናይ ሻን ኣገልግሎት የቕርብ። እታ ሻን ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ትሰርሕ፡ ንሰባት ኣብ ከባቢ ገዛውቶም ኣብ ዝደለይዎ ቦታ ከኣ ትወስዶም። ዘገልግልዎም ከባቢታት ከኣ፡ ሲያትል፣ ሬንተን፣ ቡሬን፣ ደ ሙዋን፣ ሾርላይንን ስኖኳልሚ ቫሊን ኢዮም።
206-727-6262

ናይ ኣረጋውያን ኣገልግሎታት ወለንታዊ መጓዓዝያ ን60 ወይ ልዕሊኡ ዝዕድሚኦም ኣረጋውያን ኣብ ናይ ሕክምና ቆጸራኦም ንምውሳድ ወልንታዊያን ብናቶም መኪና ብምጥቃም ዝቕርብ ነጻ ኣገልግሎት ኢዩ። እቶም ወለንታዊያን ነቶም ኣረጋውያን ኣብ ናይ ሕክምና ቆጽራኦም ምውሳድ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ክሳብ ሕክምንኦም ዝውድኡ ተጸብዮም ንገዝኦም ይመልስዎም። **206-448-5740**

ናይ ሕክምና ቆጸራ እንተ ኣለኩም፡ ናይ ሆፕሊንክ ክፍሊ መጓዓዝያ ክሕግዘኩም ይኽእል ይኸውን። ሆፕሊንክ ንመዲክኤድ ተሓከምቲ፡ ቲኬት ንኣውቶቡስ፣ ቤንዚን መግዝኢ ካርድ፣ ሓገዝ ንመቐመጢ መኪና፣ ናይ ታክሲ፣ ከምኡ እውን ሻናት ምስ ሓፍ መበሊኤን ዘጠቓልል ናይ መጓዓዝያ ኣገልግሎት የበርክት። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ስልኪ ቁጽሪ ደውሉ። ዝሕግዝኹም ተርጎምቲ ኣሎዉ።
1-800-923-7433

ሜትሮ ኣክሰስ መጓዓዝያ ነቶም ብስንክልና ምኽንያት ኣውቶቡስ ክስቀሉ ዘይክእሉ ሰባት ናይ ሻን ኣገልግሎት የቕርብ። ሻን ክትወስዶ እንከለኹም ከኣ ካልኦት ዓማዊል ኣብታ ሻን ክህልዉ ይኽእሉ። ኣውቶቡስ ክትስቀሉ ከምዘይትኽእሉ ንምርኣይ ብኣካል ዝተረኣኽምሉ ገምጋም ዘጠቓልል ምልክታ ክትመልኡ ኣለኩም። **206-263-3113**



a

የለው ካብ፡ ነቶም ብዘይ ሓገዝ፡ ታክሲ ክስቀሉ ወይ ክወርዱ ዘይክእሉ ግለ-ሰባት፡ ንናይ ስንኩላን ዓርብያ ዝኾና ታክሲ ስለ ዘለውኦም፡ ታክሲ ደሊኹም ክትደውሉ እንከለኹም፡ ንናይ ስንኩላን ዓረብያ ዝኾና ታክሲ ክሰድልኩም ሕተትዎም።

1-800-923-7433

ናይ ታክሲ ወረቐት ገንዘብ፡ ኣብ መወዳእታ ጉዕዞኹም ንታክሲ ክትከፍሉ እንከለኹም ልክዕ ከም ገንዘብ ክትጥቀምሉ ትኽእሉ። እዚ ፍርቂ ናይቲ ታክሲ ዋጋ ንኽትከፍሉ የኽእለኩም፡ ናይ $10 ቅርሺ ታክሲ፡ $5 ቅርሺ ጥራሕ ይውድኣልኩም። ብዝጎደለ ዋጋ ORCA መግዝኢ ፍቓድ እንተ ኣለኩም፡ እሞ ኸኣ ኣታዊኹም ትሑት እንተኾይኑ፡ ንናይ ታክሲ ወረቐት ገንዘብ ከተመልክቱ ትኽእሉ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ ኸኣ ኣብ ኪንግ ካውንቲ ሜትሮ ኬድኩም ናይ ታክሲ ወረቐት ገንዘብ ክትገዝኡ ትኽእሉ።

Metro Customer Service: 206-553-3000

ተዳልዩ ዘሎ ኣመራጺ ቅድታትን ቋንቋታትን

እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ ዝተሓተተሉ እዋን፡ ክኽፈት ብዚከኣል ዓይነት ቅድታትን ካልእ ቋንቋታትን ይርከብ'ዩ፥

- እንግሊዝኛ
- ኣምሓርኛ
- በርማኛ
- ነፓሊኛ
- ሩሳይኛ
- ሶማልኛ
- ስጳንኛ
- ትግርኛ

ብኽብረትኩም ናብ 425-943-6737 (ብድምጺ) ወይ 711 (ቲ.ቲ.ዋይ) ደውሉ። ኣገልግሎት ምስትርጓም ብተሌፎን

ዝያዳ ሓበሬታ

ሕቶታት እንተደኣ ኣለዉኹም ኣብዞም ቁጽሪታት ደውሉልና።

Sound Transit
1-800-201-4900

Metro
206-553-3000

የቐንየልና!

ኣብ ኣውቶቡስን ካልእ ዘባዊ መጓዓዝያ ኣብ እትጥቀሙሉን ቀረባ ግዜ ንኽንረኽበኩም ተስፋ ንገብር።

King County
Mobility Coalition
425-943-6737

King County MOBILITY COALITION

ሓጺርቲ ምኽርታት ኮማዊ ጉዕዞ (Community Travel Tips) ኣብ ኪንግ ካውንቲ (King County) ንዘሎ ህዝባዊ መጓዓዝያ ብኽመይ ከምእትጥቀሙሉ ንዘለኩም ኣፍልጦ ንምዕባይ ዚተዳለወ ናይ ኪንግ ካውንቲ ሞቢሊቲ ኮኣሊሽን (King County Mobility Coalition) ፕሮጀክት እዩ። እዚ ፕሮጀክት'ዚ፡ ካብ Bhutanese Community Resource Center, City of Kent, Coalition for Refugees from Burma, Hopelink, Jewish Family Service, King County Housing Authority, King County Metro, National Center for Senior Transportation, Salaam Urban Village Association, SeaMar Community Health Centers, Senior Services, Somali Community Services of Seattle, Sound Transit, UW Medicine-Harborview Medical Center, and Washington State Refugee Elder Grant ብዝተገብረ ደገፍ ክዉን ኮይኑ።